# መከረኛታት መዓት ወሪድኩም
## ሆዬ ሆዬ ክትብሉ ተገዲድኩም
ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ 25/05/07

ብኣደረታትን ቀበሌን ዝተመርሐ ኣገዲድካ ጓይላ
ጥራይ ከብዳ ድራር ዕለታ ዝብላዕ ዝስተ ዘይብላ
ኣብ ነጻነት ህግደፍ ሽኩሽኣ ድያብሎስ ዘጽለለላ
ከይትቕንጸል ፈሪሓ ኅቦ ልባ ሆዬና ክትብል ውዒላ

ቀበሌ ተረፍ ደርጊ መሳርሒ ምስ ዘሎጨኣን ስርዓት
ብሓሶት ዘርዕዳ ዘለዋ ሓበላ ህዝቢ ሕማም መንድዓት
ካብ ገዛ እናወጠጣ ሳዕስዕ ዝብላ ብሓለንጊ ተጻወት
ህዝቢ ደም እናነብዐ ዝቖጽረአ ከም ራህዋ ዓቢ ዓወት
ተዝሕተት ሎሚ ካብ ትምርቕ ትራገም ምበዝሐት

ወይጋዶ ሰሲሒብካ ከመባጊዕ እናነባዕካ ደርፊ
ኣይፋል ዘለ እናቐንጸልካ ምድርባይ ናብ ጸድፊ
ህግደፍ ህልኸኛ መጥፍእ ሃገር ሓሳዊ ቀጣፊ
ኣሉ ቐጣን ነግራም መልሓሰኛ ምስኩሉ ተላኻፊ

መርገጹ ዘይንጹር ፍርቂ ኅኑ ፋሽስቲ ተረፍ ኮሚንስቲ
ሓድሽ ፍልስፍናኦም ኣዛብእ በላዕቲ ሰብ ቆራጠምቲቲ
ዓለም ፎእ ዝበሎም ቀይዲ በተኸ ሓሳዊ መንግስቲ
ጆጋኑ ዝተሰዉኡላ ሃገር መሽቀጢ ገይሮማ መጻወቲ

ኣብ ወጻኢ'ኸ ከመይ ነይሩ በዓል ኮራኩር ህግደፍ
ሕጻናት ቆልዑ ኣኻኺብካ ንኽትሰምየ ዘጺይፍ
ጣይታ ለማሚንካ ሓሊፉ ከም ቋረጣ መግደፍ
ካልእ ምዕባ የለን ብኾቦሮ ተባዒሉ ብሃተፍተፍ

ክፍሊ ምምሕዳር ጉጅለ ናይ ጸብሒ ናይ ጣይታ
ኣዋጅ ኣማሓላሊፉ ብምፍርራሕ ጣይታ ክስንክታ
ተዘየለ ወይለኸን ኣብ ዓዲ ትረኽባኣ ምስ መቕጻዕታ
ኣለውና ወረ ዘማሓላልፉ ናይ ጥርሑ ሰለይቲ ጸጥታ
ብኸምዚዮም ህግደፋውያን ጅሆ ሒዞማ ንፈፈራሓታ

ናይ ብሓቂ ነጻነት ኣብ ግብሪ
ናይ ሓሶት ነጻነት ኣብ ወጥሪ

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ራህዋ ሰላም ንዘሎ ህዝብና